**ዕዉር እንተሸፈተ ድሕሪ ቖፎ!!!**
**ወኻርያስ ጻዲቕ ንኽትመስል: ዝዋውዕ ትኣስር!!!**

**እዚ ትሕት ኢሉ ዝተገልጸ ጥቕስታት: ኣብ ዓመተ 2008: እቲ ብስም (ተስፋጼን) ዝብል ብርዒ ስም ዝጽዋዕ: ኢዮብ በርህ ገብረስላሴ ዝተዋህበ ልባዊ መግለጺ ኢዩ:-**

**ሰናይ ንባብ ን1ይ ክፋል:-**

''We will resemble ourselves not a clone of other sides!''
**''ንሕና: ናይ ካልኦት ኣህዛብ ተረገጽቲ ክንከዉን የብልናን!''**
''Comrade Isaias Afwerki Founding Father of Modern Eritrean National Vision!''
**''ብጻይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: መስራቲ ኣቦ ብሩህ መጻኢት ዘመናዊት ኤርትራ!''**
''Attack him where he is unprepared appear where you are not expected!''
**''ንሱ ኢዱ ዘየንበረሉን: ዘየዳለዎን: ዘይሓሰቦን እንተልዩ እስከ ጥቐሱ!''**
''I am lucky to be born Eritrean and very blessed to be one of the EPFDJ's!''
**''ካብ ሃገረ ኤርትራ ብምውላደይን: ኣባል ናይ'ቲ ብሕግን መትከልን ዝምእዘዝ ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን ምኻነይ: ናይ ብሓቂ ሕጉስን ዕድለኛን ኢየ!''**



**(ተስፋጼን) ኢዮብ በርህ ገብረስላሴ: ብልቡ ኣሚኑ ነዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ጥቕስታት ክጽሕፍ እንከሎ: ነቲ ነዚ ጽሑፍ እዚ ዝጸሓፈሉ ህሞትን ግዜን ክትፍትሽ ኢዩ ዘገድደካ:: ምኽንያቱ: ድሮ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርህ ገበረስላሴ: ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ብምጥፍፍእን ምድንጋር ገንዘብን: ጭካኔ ዝደረኾ ፍጻሜን: ገበነኛ ተባሂሉ ብማእሰርትን ገንዘብ መቕጻዕትን: መሃነኑ ጠፊኡ ስለ ዝነበረ: ከም ሕልሙ በዚ መደብ እዚ ወዲሱን: ፖለቲካዊ ዓሎቕ ኣካይዱ ገንዘብ ክረክብ ብምሕላን ኢዩ: ናብ'ዚ ናይ ሽፍትነት ስራሕ ክዋፈር ዝመደበ:: ሽፍትነት (ተስፋጼን) ኢዮብ በርህ ገበረስላሴ ግን: ''ዕዉር እንተሸፈተስ ድሕሪ ቆፎ!!!'' ኢዩ ነገሩ::**

**ናይ ሎሚ (ተስፋጼን): ናይ ትማሊ ኢዮብ በርህ ገብረስላሴ: ኣብ ዝርዝር ዘቕረቦ ጽሑፍ: ብኣርእስቲ ናብ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ክበጽሓሉ ኢሉ ዘዳለዎ 28 ገጽ ዝሓዘ ናይ ዓሎቕ ጽሑፍ ከዳሉ ዝደረኾ: ከም'ቲ ''ወኻርያስ ጻድቕ ክትመስል: ዝዋውዕ ትኣስር!!!'' ዝበሃል: ያኢ ልበ ጥውይዋይ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርህ ገበረስላሴ: ካብ ግምባርን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ በሊሑስ: ዋጥዩ ኢዱ ከልሕሰና ምፍታኑ: ምዉት እንታይ ትደሊ ቀባሪ ኢዩ ነገሩ:: እስከ ናብ'ቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርህ ገበርስላሴ ቅድሚ ምእታውና: ኣርሆ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርህ ገበረስላሴ: መእተዊ ክኾኖ ብማለት እንታይ ኢሉ ከም ዝወደሰ ንመልከት:-**

**ጽሑፍ ውዳሴ ብቛንቛ እንግሊዝ ብኸፊል:-**

{We know from our experience and world experience to be successful as country you need to have first vision, determination, stability, entrepreneurial and political leadership. We have a vision and our own way that makes our motherland very prosperous by standard. Highly competitive, reliable and respected like what comrade Isaias Afewerki founding father of modern Eritrean national vision of says

in early seventy ”We will resemble ourselves not a clone of other sides!”. We have the determination and gut to secure our economic liberation from the start of our revolution. We will do anything and pay any sacrifice for our economical liberation. Because it is about our survival and dignity.}

ትርጉም ጽሑፍ ውዳሰ ብቛንቛ ትግርኛ ብኸፊል:-

{ነቲ ንሕና ዘሕለፍናዮ ተሞኩሮ: ምስ'ቲ ዓለማዊ ኣካይዳ ብምግንዛብ ምስ እነነጻጽር: ዘቐመጥናዮም ራእይን: ዝኸድናዮ ቆራጽነትን: ዘመዝገብናዮ ምርግጋእን: ኣብ ቁጠባውን ፖለቲካውን ኣመራርሓ ዘለና ብልጫ: ዓለም ካባና ክትመሃረሉ እትኽእል ገዚፍ ባብ ከም ዘሎ ኢዩ ዝርደኣኒ:: ራእይና ንሕና ብእንኽተሎ ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን: በቲ ዝተለምደ ንብሩህ መጻኢ ምዕባሌና ዘቛምት: ሓራን ነጻን ዝኾነ ናይ ገዛእ ርእስና መርሓ ሕንጻጽ ዘለና ህዝቢ ኢና::

እቲ እንኮ ኣቦ ምህናጽ ዘመናዊት ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ: ወናኒ ነዊሕ ራእይ ዝኾነ ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ከም ናይ ኢትዮጵያውያን ብናይ ግዳም ዝዝወር: ንገዛእቲ ሓይልታት ጥራይ ዘኽብር ራእይ ዘይኮነ: ”ንሕና ንናይ ካልኦት ኢደ-በይዛ ደገምቲ ኣይንኸውንን” ኢልና ኢና እንሕበነሉ:: መርሓ ቁጠባዊ ህንጻትና: ካብ ጽግዕተኛነት ነጻን ሓራን ፖሊሲ ዝኽተል ሕጂ ዘበገስናዮ ዘይኮነ: ጌና ኣብ እዋን ቓልሲ ኣትሒዝና ዝሰራሕናሉ: እንኾርዓሉ ዘይምብርከኽ ዘይዕጸፍ መትከላዊ ኣካይዳና ኢዩ:: ንሕና ኣብ ሓራን ነጻን ፖሊስና ተሞርኪስና: ምእንቲ ሉኡላዊ ነጻነት ሃገርና ኤርትራ: ዝኾነ ዓይነት መስዋእቲ ክንከፍል ግዴታና ኢዩ:: ምኽንያቱ ህላዌና ብደምና ኢና ኣረጋጊጽና::

ናብ ጉዳይና ክንምለስ:-

ጨለ ትውድስ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገበረስላሴ:: ኣየ እባ ክኽእሎ: ሎሚ ኸኣ ድኣ ከመይ ኢሉ ኢዩ ክቡር ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ሕጂ ስሙ ዝብረዝ ዘሎ? (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገበረስላሴ ነቲ ኣቦ መስራቲ ራእይ ኤርትራ ኢልካ ዝሰመኻዮ ክቡር ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ከመይ ኢሉ ድኣ ሕጂ ናብ ኣሬመን ተቐይሩ? እቲ ብብርክኻን ሕልምኻን ኢየ ዝነበር ዘለኹ: ብህላዌኻ ኢየ ዘተንፍስ ዘለኹ ዝበልካዮ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ከመይ ክትብል ድኣ ሕልምኻ ቀታሊየይ: ህላዌኻ ትንፋስ መሕጸሪየይ ኢልካዮ? ቀዳድ ጁባኻ ጥራይ ዘይኮነ: ብገበን ዝተሓተትካሉ ገንዘብ መኽፈሊ ክኸውን ኢልካ ዝመሃዝካዮ ወደሰን ፖለቲካዊ ዓሎቕን: ማዕጾኻ ተረጊጡ ንቕሓት ህዝቢ መሕለፊ ነቓዕ ምስ ከልኣካ ናብ ተጻባኢ ተቐይርካ? ወይስ! ካብ መጀመርታ 'ውን ኣሚንካ ኢኻ ትምድረሉ ነይርካ? ኣሉ እንተይልካ? ጽሑፍ ውዳሴኻ ኣብ ዓይኒ ዓራት ኢዩ ወዲቑ ዘሎ::

(ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገበረስላሴ: ወዮ ውሃ ዘበለ ግምባር: ሰረት ህላዌ መጻኢት ኤርትራን: ተላሚ መርሓ ሕንጻጽ መስራቲ ሃገርን ሃገራውነት ኢልካ ዝተሓበንካሉ ውድብ ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን: ኣሻብካ ድኣ ናብ ኣዕናውን ተቛማሪ ስልጣንን: ተኸላኻሊ ምስልምናን ገይርካ ፈሪጅካዮ:: መንእሰያት ህግደፍ ዓባይ ብሪጣንያ ሶንኮፍ ሕልምታትካ ኣቐዲሞም ፈሊጦም ምስ ኣበርዐኑኻ? እንቅርያብሲ ሓርማዝ ክትመስል ተነፊሓ ሞተት ከይኮንካ::

ኣቦታት ክምስሉ እንክለዉ:- ”ሰበይቱ ተፍርሆ ሰብኣይሲ: ላምባ ምስ ጠፍአት ርእሱ ይንቕንቕ!” ይብሉ:: ዛጊት: ተስፋጽዮን ኢየ ዝብል ሕጋዊ ምዝጉብ ሰብ: ብዛዕባ ኣግኣዝያን ዝብሃል ጽውጽዋይ ዝዛረብ ሰብ የለን:: እንተኾነ ግን: ከም'ቲ ምስላ ኣበዋት:- ”ሰበይቱ ተፍርሆ ሰብኣይሲ....” ዝተባህለ: ብናይ ብርዒ ስም ዝተላለየን: ነቲ ሓቀኛ ስሙን መንነቱ ዝሓብእ ዝመሰሎ: ከም'ቲ ”ሰገን ርእሳ ትቐብር...” ዝዓይነቱ: ብናይ ብርዒ ስም ነብሱ ዝኸወለ ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ ኢዩ ስዋኣ ከም ዝተጸየቓ ማእምን: ኢዱ ዓሚኹ እንዳጣቐዐ: ኣብ ሓንቲ ርቡዕ

ኩርናዕ መሐየቢት ማሕስእ: ብዛንታ ጽውጽዋይ ኣግኣዝያን ኣብ ማሕበራዊ መድያ ህውተትያ ዘቖርብ ዘሎ:: ንምኻኑ ናይ ሎሚ (ተስፋጼን) ናይ ትማሊ ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ መን ኢዩ?

(ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ኣብ 1969 ከባቢ ኣስመራ ዓዲ ስሄል ኢዩ ተወሊዱ ዓብዩ:: (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ ትምህርቱ ኣብ ኣስመራ ፈሊሙ: ኣብ ክፍላ 80 ታት: ብናይ እቲ እዋን ኣጸዋውዓ (ላጅን) ናብ ሱዳን ዝሰገረ:: ናብ ወጻኢ ሃገር ናይ ምስጋር ሕልሙ ምስ በነኖ: ኩነታት ከም'ቲ ዝሓለሞ ምኻድ ምስ ኣበዮ: (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ድሕሪ ክልተ ዓመት መንበሮ ሱዳን: ኣብ 1988 ድሕሪ ምሕራር ኣፍዓበት: ኣብ ቀዳማይ ክፍላ ወርሓት ናይ 1989 ናብ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ: ድሕሪ ግቡእ ወትሃደራዊ ታዕሊምን: ፖለቲካዊ ትምህርትን ምቕሳሙ: ናብ ማእከላይ ሕክምና ተመዲቡ: መባእታ ናይ ኣጋር ሓኪም ትምህርቲ ወሲዱ: ክሳብ ዕለተ ነጻነት ኣብ መደቡ ማእከላይ ሕክምና እንዳገልገለ ኢዩ ነጻነት ኤርትራ ኣስመራ ዝተጸምበረ::






ድሕሪ ነጻነት: ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ኣብ እዋኑ 1994 ብዝወሰዶ ተጋደልቲ ናይ ምጥያስ መደብ: ናይ ሎሚ (ተስፋጼን): ናይ ትማሊ ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ከም ኩሎም ተጋደልቲ ዝተጣየሱ: ዝግበኦ ናይ መጣየሲ ገንዘቡን ምስክር ወረቐቱን ሒዙ ኢዩ ተጣይሱ:: ድሕሪ ምጥያሱ ናብ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮ ኤርትራ ዝተጸምበረ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ኣብ'ቲ ማሕበር ከም መራሒ ጉጅለ ኮይኑ ከገልግል ድሕሪ ምጽናሕ: ብስም እቲ ማሕበር ኣመኽንዩ: ነቲ ብጁንየር ክለብ ዝፍለጥ ዝነበረ ክለብ: ናብ ሓደ ኤርትራዊ ደም ዘለዎ የመናዊ ረሺድ መሓመድ ምስ ዝበሃል ጽቡቕ ምልከት ትግርኛ ዝነበሮ: ኣብ ናይ 1995 ፌስቲቫል ሃዋቢም መሸጣ ቦንዳ ክዳውንቲ ምስ ዝዘርግሐ: (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ ንገንዘብ ክረክብ ክብል ነቲ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮ ኤርትራ ክግልገልሉ ብማለት: ብመንገዲ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍን: ምምሕዳር ከተማ ኣስመራን: ነቲ ማሕበር ዝተዋህበ ጁንየር ክለብ: (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ ብዘይወግዓዊ መንገዲ ከካርዮ ብምምዳብ: ብስም እቲ ማሕበር ዘይሕጋውን: ዘይወግዓውን: ዘይምእክሉን ውዕል ከም ዝኸተመ ምስ ተፈልጠ: ብሕጋዊ መዳይ ተጻርዩ ካብ'ቲ ማሕበር ዝነበሮ ሓላፍነት ጥራይ ዘይኮነ: ሒዝዎ ዝነበረ ኣባልነት 'ውን ተቐንጢጡ ምስ ተባረረ ኢዩ: ኮን ዶኾን ዘይሕጋዊ እትዋት ገንዘብ ክረክብ ይኽእል ይኸውን ብማለት: (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ደጊሙ ናብ ንግዳዊ ንጥፈት ሃተምተም ዝበለ::

ህርፋን ገንዘብ ልቡ ዝደፈኖ (ተስፋጽዮን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ደጊሙ ኣብ ክፍላ 1996: ሓደ ናይ ሕትመት ትካል ንግዲ ፍቓድ ብምውጻእ: ብስም ናይ ስድራ ቤቱ ገዛውቲ ካብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ልቓሕ ድሕሪ ምሕታቱ: ብዘቕረቦ ንግዳዊ መጽናዕቲ መሰረት: እቲ ዝሓተቶ ገንዘብ ተፈቒድዎ: ንብረት ናይ'ቲ ትካል ክገዝእ ብማለት: ኣብ ክፍላ 1998 ናብ ወጻኢ ሃገር ምስ ከደ: ቡኡኡ ኣቢሉ ስለ ዝተረፈ: ከም'ቲ ካብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ልቓሕ ዝተፈቕዶ ኸኣ: ኣብ መዓላኡ ስለ ዘየውዓሎ ጥራይ ዘይኮነ: ካብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ዝተፈቕደሉ ልቓሕ: ኣብ ዝተመደበሉ ገደብ ግዜ ክኸፍሎ ስለ ዘይከኣለ: ብንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ተኸሲሱ: ጉዳዩ ንሱ ኣብ ዘየለወሉ ናብ ሕጊ ድሕሪ ምቕራቡ: ኣብ እዋኑ እንተዘይከፊሉዎ: እቲ ብፍቓድ ቤተ-ሰቡ ልቓሕ ንኽረክብ ብማለት: ብትሕጃ ዘትሓዞ መንበሪ ኣባይቲ: ናብ ሓራጅ ወሪዱ: ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ዝግባእ ገንዘቡ ከምልስ ምኻኑ ተሓቢሩዎ: እቲ ኣብ 1998 ካብ ሃገር ለቒቑ ናብ ስደት ዘምረሐ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ መጋባእያ ንግዲ: ጉዳዩ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ መጸዋዕታ ተገይርሉ ዘይቀረበ:: (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ ከም ሳዕቤኑ ኸኣ: ንብረት ወለዱ ናብ ሓራጅ ወሪዱ ክሸየጥ ኣብ መስርሕ እንከሎ: ቤተ-ሰብ ተጓይዩዮም ነቲ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ ዘሰከሞም ከቢድ ዕዳ: ዳም-ዳም ኢሎም

ኣዋጺኦም ብምኽፋል: ነቲ ንበረት 'ኳ ካብ መሸጣ እንተድኣሓኑዎ: ከም ውጺኢት ዘይሕጋዊ ተግባራቱ ግን: (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ምስ መላእ ቤተ-ሰቡ ዝተባተኸ::

ናብ ሃገረ እንግሊዝ ዝኣተወ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገበረስላሴ: ኣመል ምስ መግነዝ ስለ ዝኾኖ: ነቲ ናይ ገንዘብ ምእካብ ሸውሃቱ ዘዕግብ: ናይ ምድንጋር ስልቲ ካብ ምምሃዝን ምስራሕን: ዓዲ ኣይወዓለን:: ከም ውጺኢት ጽንሰ ሓሳቡ ኸኣ: እታ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ቅጅል ዝበለቶ መደብ እንተነይራ: ብጉልባብ ግዳያት መልከፍቲ ሕማም ኤይድስ ዝኾኑ ሰባት: ናይ ሓገዝ ምንጪ ኣዋዲድካ: ካዝና ጁባኻ ምህጣር ዝብል ዕዮ ኢዩ ተተሓሓዝዎ::

African AIDS Action slams Bono

December 28th, 2007 {by Scoop News}




Essex-based African AIDS Action {a3}, which has been critical of celebrity fund-raisers and western charities, whom it accuses of creating a dependency culture and extending corruption in Africa, has reacted strongly to irish pop-singer BONO's claim that, ''Whenever you see Africans saynig they don't want aid it's pretty clear it's not their sisters, brothers, cousins who are dying''. Selasie retorted, ''I have lost my niece, sister-in-law and 47 other relatives to AIDS-my brother and sister and 54 other family members are HIV positive, so I find Bono's comments naive and insulting.''

ትርጉም ጽሑፍ ብቛንቛ ትግርኛ ብኸፊል:-



ናይ ኣፍሪቃ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ማሕበራት: ኣብ ውሽጢ ኣፍሪቃዊ ባህሊ: ናይ ብልሽውና ማእከል ጉቦን ምጥፍፋእን ብምስራት: ዕድመ ምድንጋሮም ዘናውሑ ክሲ ዝተመስረቶም ናይ ግብረሰናይ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት: ኣብ ልዕሊ ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ዝግበር ትንታኔን ሓተታን: ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃውያን ዝረኣዩ እንተረኣዩ: ረዲኤት ኣይየድልዮምን ኢዩ:: ኣይደልዩን ኢዮም:: ንሳቶም ከኣ ሓቆም: እቶም ግዳያት ኣሕዋቶም: ኣሓቶም ኣይኮኑን:: ኣነ ካብ ስድራ-ቤተይን ቤተ-ሰበይን: ጓል ሓትነይ እትርከቦም 47 ሰባት: ቤተ-ሰበይን ኣዝማደይን ብሕማም ኤይድስ ሞይቶምኒ ኣለው:: ብዘይ'ካ እዚኣቶም ከኣ: ሓፍተይ እትርከቦም 54 ካልኦት ቤተ-ሰበይን ኣዝማደይን 'ዉን: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን በቲ ሕማም ኤይድስ ዝተለኽፉ: ኣብ ስቅያት ዘለዉ ኢዮም:: ስለ'ዚ እዚ ብድምጻዊ (ፓውል ዳቪድ ሀውሰን) ቦኖ (Paul David Hewson) Bono: ዝተጻሕፈለይ ምላሽ: ኣዝዮ ኣነዋርን ንኽብረይ ዘዋርድን: ትሕትናን ርህራሄን ዘይብሉን ኢዩ:: ክብል ምስ ድምጻዊ (ፓውል ዳቪድ ሀውሰን) ቦኖ (Paul David Hewson) Bono ዝተመላለሶ ቅዳሕ: ዝስዕብ ጥብቆ ተመልከት:-
http://famemagazine.co.uk/2007/12/28/african-aids-action-slams-bono/

ረጊኣ ዘይትረገኽ ነብሲ: ወትሩ ነብሳ ትጋጊ እንድዩ ነገሩ:: (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገበረስላሴ: ንሽደናግር ተባሂሉ ዝተፈጥረ ሰብ ኢዩ ዝመስል:: ንምኳኑ መንግስተ ሰማይ የዋርሶም ጓል ሓትነኻ እትርከቦም 47 ናይ ቀረባ ኣዝማድካ: ክንደይ ሰብ ኮን ተማሊኦም ከይዶም ይኾኑ? ኣንታ (ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገበርስላሴ: ኣየነይቲ ናይ ስጋ ሓብትኻ ኢያ ብሕማም ኤች ኣይ

ቪ ተለኺፉ ትሳቐ ዘላ? እታ ዓባይ? ዋላ እታ ንእሽቶይ? ገለ ምሓበርካና ዶ? ነዚ ሰብ እኮ ኣህውቲትካዮ:: ንምኳኑ በዓል መን ኢዮም ዝበሃሉ እቶም ናይ ቀረባ ቤተ-ሰብካ ብመልከፍቲ ኤች ኣይ ቪ ዝሳቐዩ ዘለዉ? ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ድዮም? ወይስ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝቕመጡ? ነዚ ቤተ-ሰብ እኮ ናብ ሃለውሳ የእቲኻዮ:: ካብ መኖም ቀሪብና? ካብ መኖም ኢና ክንርሕቕ? መውስቦ እኮ ብኹሉ ሸነኽ ኢዩ ዘራኽብ እሞ: ባዕልኻ መስካሪ ካብ ኮንካስ: ምስ ኩሎም መውስቦ እንቐርቦም ሰባት: ኣዝማድ ኢዮብ በርሀ ገበረስላሴ ዲኹም ዝብል መሕተቲ ቅጺ ከነዳሉ 'ምበር!!!

African Aids Action founder Eyob Gebresellassie found guilty of 100,000 Gift Aid scam
17 September 2014

A jury at the old Bailey finds Ghebresellassie guilty of two counts of fraud by false representation. The founder of the now-defunct charity African Aids Action has been found guilty of a 100,000 Gift Aid scam. A jury at the old Bailey in London yesterday found Eyob Ghebresellassie, 45, of rainham in Essex, guilty of two counts of fraud by false representation. The Court found that Ghebreselassie had invented more than 415,000 of bogus donation to the charity in order to claim Gift Aid payments of more than 100,000.

ትርጉም ጽሑፍ ብቛንቛ ትግርኛ ብኸፊል:-

ናይ ኣፍሪቃ ማእከል ምክልኻልን ምቁጽጻርን መልከፍቲ ኤይድስ ኣተሓባባርን ኣካያድን ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ብናይ 100,000 (ሓደ ሚእቲ ሽሕ ፓውንድ) ህያብ ገንዘብ: ብምጭብርባርን ምድንጋርን ምጥፍፋእን ገበነኛ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ::

17 መስከረም 2014:-

ኣብ ቅዉም ቤት ፍርዲ ናይ'ቲ ክርክር: በዓል ቤት ዝኾነ ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ብናይ ሓሶት ውክልና ብኽልተ ናይ ምጭብርባር ወንጀል ገበነኛ ኮይኑ ተረኺቡ:: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ዘይተቛረጸ ናይ ግብረሰናይ ወሃብቲ ማሕበራት: ናይ ኣፍሪቃውያን ናይ ኤይድስ ምቁጽጻር መስራቲ ዝኾነ ኢዮብ በርሀ ገበረስላሴ: ብናይ 100,000 (ሓደ ሚእቲ ሽሕ ፓውንድ) ህያብ ኣታሊሉ ብምውሳዱ: ነቲ ናይ ሓገዝ ገንዘብ: ናብ ውልቀ ካዝናኡ ከእትዎ ብምጭብርባርን ምጥፍፋእን ተኸሲሱ ገበነኛ ኮይኑ ተረኺቡ:: ናይ ሎንዶን ማእከል ቤይለይ ዳይሬክተር ዝነበረ በዓል-መዚ ኣብ ዘውጸኦ ሓበሬታ መሰረት: ብኽልተ ናይ ጭካኔ ተግባራትን: ናይ ሓሶትን ምትላልን ተግባራትን ገበነኛ ኮይኑ ዝተረኽበ ወዲ 45 ዓመት ኢዮብ በርሀ ገብረስላሴ: ክሳብ 400,000 (ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ፓውንድ) ኣታዊ ክገብረሉ ዝኽእል: ናይ ምድንጋርን ምጥፍፋእን ሰነዳዊ ልውውጥ ምስ ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት ብምክያድ: ናይ 100,000 (ሓደ ሚእቲ ሽሕ ፓውንድ) ኣታሊሉ እታው ብምግባሩ ኢዩ ገበነኛ ብምባል: ነቲ ብምድንጋር ዝወሰዶ ገንዘብ ክመልሶ ከም ዘለዎ ብምውሳን: ብማእሰርቲ ከም ዝቕጻዕ ወሲኑሉ:: ቅዳሕ ዝስዕብ ጥብቆ ተመልከት:-
http://thirdsector.co.uk/african-aids-action-founder-eyob-sellassie-found-guilty-100000-gift-aid-scam/finanece/article/1312608

(ተስፋጼን) ኢዮብ በርሀ ገበርስላሴ: ኣብ 2015 እንታይ ክገብር ኢሉ ኢዩ ካብ ናይ ስደት መሕብኢ ቦትኡ ናብ ኤርትራ ተመሊሱ ዝተኣስረ? ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ::

2ይ ክፋል
ኣብ ዝቕጽል

ዘርኣይ ሰሎሞን
UK ዓባይ ብሪጣንያ
ሎንዶን